# ካብ ውሻባ covid-19 እንታይ ንምሃር

ሕሰብ ኣስተውዕል ተማራመር ተባራበር

ህዝብና ንበይንና ገዲፍኩሞና ዝብል መሪር ጥርዓን ናይ ሕልናኡ ዘዕረበ ጵዊዒት ዝገብረልና ዘሎ ዝማስል እዋንን፣ ንሕልናናከደቅስ ዘይኽእል ደሃይ ኣውያት ይገብር ምህላው፣ ነፍሲ ፈከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ይስሕቶ ኣይንብልን።

እዚ ውልቀ ማላኺ ማላኺ ስልጣን ካብ ዝሕዝ ጀሚሩ ተሓይሩ/ተጨውዩ ዝነብር ዝነበረ ህዝቢ፣ ደቂ ሰባት ሓቢሮም ክነብሩ ዝኣገደ፣ ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ካልእ ዓዲ ብዘይ ፍቓድ ክትዋሳወስ ዝተኸልከለ፣ ነቲ ኩቡር ባህልና ስምረት ምድግጋፍ ክብተኽ ዝገበረ፣ ብዓቢኡ ብቕዋምከይማሓደር ዝኸልከለ፣ ነቶምናይነጻ ሜዕክናት ዝዓጸወ፣ ብግዝኣተ ሕጊ ክንማሓደር ስልጣን ናብ ዋንኡ ህዝቢ ነስረክቦ ዝበሉ ኣብ ዝላዓለ ስልጣን ሓዞም ዝነበሩን ዓበይቲ ዓድን ዝኣሰረን ዘጥፈአን፣ ሃገርን ህዝብን ናይ ብሕቱ ዋንነት ዝገበረ፣ ውልቀ ማላኺ ከይኣክል፣ እዚዓይነት ሕማም ተላገብ ኮሮና ቫይሩስ 19 ተወሲኽዎ ከመይ ዝበለ ሂወት/ናብራ የሕልፍ-ኮን ይኸዉን ? እንታይ ዓይነት ፍታሕ ይረክብ? ነዚ ዓለምና ተሃዊጻትሉ ዝላ ኩነታት ብኸመይ ይሰግሮ? እዚ ኣብ ድያስፖራ ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ዓይነት ሞሮላዊን ንዋታዊን ሓገዝ ክገብር ይኽእል ? ዝብሉ ወኸሰታት ይውሕዙ ከምዘለዉ እንሰምዖን ኣብ ሞኻቢ ቡዙሃን እንርእዮን ዘሎና እዩ፡ ፡

እዚ ስርዓት ከምኣማሉ ን-ኮሮና ቫይሩስ ኣመኽንዩ ብገንዘብ እንተዘይኮይኑ ናይ ሕክምና ናውቲ-ዕዮይኹን ኣፋዉስ ምውፋይ ኣየዲሊን እዩ፤ ንሕና እቲ ዘድሊን ብሁጹጽ ክዕደግ ዘሎዎ ክንዕድግ ምእንቲ እቲ ኣብዚ እዋን’ዚ ዘድልየና ናታትኩም ሓገዝ ብገንዘብ ኮይኑ ቡማትእ ሓይልኹምን ስለቲ ለዋህ ልምድታትኩም ኤርትራዊ ኒሕኩም ተሞርኩስኩምገንዘብ አብርእሲ ገንዘብ ክኸውን እናበል፣ ካብ ዓቐን ዝሓለፈን ኩሉ ዓይነት ሚድያን ሜራኸቢ ቡዙሃን ብምጥቃምወፍርታት/ፕሮፖጋንዳ ይገብር ኣሎ።

ህዝብና ጠባያቱን ባህርያቱን ግብርታቱ ስለ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈለጦ፣ ኣብ’ቲ ማዳናጋሪ ሜጸወድያታቱ ከምዝይወድቕ ፍሉጥ ኮይኑ፤ እቲ ኣገዳሲ ክኸዉን ዘለዎ ነዚ ኣብ ዘይደለዮ ሓደጋ ወዲቑ ዝርከብ ዘሎ ህዝብና ብኸመይ **ይሕገዝ** ዝብል ሕቶ **ሜልሲ** ክርከበሉ ከምዘለዎ ዝስሓት ኣይኮነን፡ ብወገና ካብቲ ሜልስታት እንብሎ፦

- እቲ ዓለምላኻዊ ጥዕና ምክልኻል ኣብ ጅነብ ዝመደበሩ(w.h.o.) ዝዋሃብ ማእታዊ ሓበረታ ክበጽሖ ምእንቲ፣ እተን ኣብ ደንበ ፍትሒ ዝዋሳዓ ረድዮ ተለቪጃን ከሙ ሜራኸቢ ቡዙሃን ብዝይ ምቁራጽ ክሕብርኦን፣ ኣድለይቲ ብሳይንስ ዝተራጋገጸ ኣፋውስን ምዕዶን መብርህን ዝሓዘ ሜልእኽቲ ከተሓላልፋ ዘድሊ ምትሕጋዝን ሞራላዊን ንዋታዊ ሓገዝ ክግበረለን፡ ፡
- ኩሉ’ቲ ዝሕተት(hygiène)ስነ-ጥዕና/ሃይጂን(ጽሬት ብምውሓስ) ብሰንኪ ቀረብ ማይ፣ ንኽትሰትዮ እኳ ዘይርከብ ማሕጸቢ ኢድን ካልእ ብጽርየት ክትሓዝ ዘለዎ ካበይ ክርከብ ኣባሃህላ አብ ቦቱኡ ኮይኑ፣ እቲ ዝቐለለ ክግበር ዘለዎ ምንጋሩን ተጸጊሙካብዚ ተለጋቢ ሕማም ክካላኸል ምእንቲ ካብዚ

ሰንካምሕማምcovid-19 ከይጥቃዕ ጉቡእን ኑጹሩን ሓበረታ ምስ ዝረክብ፣ እዚ ጻዕረኛ ትጉህ ህዝብና ብዘለዎ ዓቕሚ ክተግብሮ ዝኽእል ከምዝሳላስል ኣይስሓትን።

ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ኣብ ባህልና ዘተለምደን ዋላ ኣብ ውሽጢስድራ **ተራሒሕቕካ** ካብ ሓደ ስጋብ ክልተ ሜትሮ ክትፍንተት/ክትግለል፡ ነፍሲ ወከፍ ነናቱ ክፍሊ ሜደቀሲ ክህልዎ፣ ዝብላ ማምርሒነቲ ህዝብና ምትሕቑቓፍን ሓቢርካ ምንባርን ዝጥሕስ ገዲፍና፣ ኣይኮነ ንዶ ነናይ በይንኻ ኽፍሊ ክህልወካስ ነቶምኣብ ከተማዝቕማጡ፣ ክትነብረሉ ዝኽእል ቤት/ገዛ ፈጺሙዘይረኸበ፤ እቲ ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝብና ናብርኡ ካብ ሰብ ንታሕቲ ምኳኑ እንፈልጦ ኮይኑ መዋጽኦ እቲ ዝኣምኖ እዝጊሔር ይሃቦ፣ ኢልካ ምሕላፍ ጥራይ ዘይኮነ እስኻ ክትገብሮ እትኽእል ንኽትገብር ሃሰስ ምባል ሕልናዊ ግደታ እዩ። እዚ ኮይኑ ግን ሕማምም ተላገብ ኮቪድ-19 እቲ ቀንዲ ምልጋቡ ሰብካብሰብናብሰብስለ ዝኾነ፣ እቲ ዝኸፍአ እቲ ዝተለኽፈ ስብካብሓድ ስጋብ ሰለስት ከሜሓላፍ ዓቕሚስለ ዘለዎ፣ ናይ ምትሕልላፍ ሓይሉን ምልዳቡን ብጣዕሚ ዑዙዝን ብዙሑ ስለ ዝኾነ ብዝካኣል ማጠን ነፍሲ ወከፍ ዜጋና ሉዑል ልብናኡ ብኸሜይ ተራሒቑን ኣፉ ዝሸፍነሉ **ነጸላ** (sling) ክጥቀምኩሉ ግዜ ክሕጸብ ከም ዘለዎ ምሕባሩ ኣድልይ ይመስለና። ኣብ ርእሲኡ ብልምድናን ባህልናን ተሓቛቖፍና ተሓናጊርና እንነብር ህዝቢ፣ እዚ ተፋናታቲኩምተፋላሊኹም ጥራይ ኢኹምክትኻላኸሉኒ ትኽእሉ ዝብል በዳሂ **ሕማምኮቪድ-19** ንሕጂ ተራሒሕቕና ጽባሕ እስኻ ምስ-ተሳዓርካ ንትሓቋቐፍን ባህልና ናብ ኑቡር ንሜልስን ኢልና ክንብድሆ ንኽእል፡ ፡

እቲ ቅድሚኮሮና ቪሩስ ከጽንተና ዝጸንሐ ዘሎን ስርዓተ ውልቀ ሜላኺ ጃንዳ ህ.ግ.ደ.ፍ. እዉን ካብ ሱሩ ብንቀርና ብምምሓው ኣብ ቦቱኡ **ስርዓተ-ሕግን ዲሞክራስን** ክትከልን **ፍትሒክነግስ** እንብሎእንትርጉሞሉ እዋኑ እዩ። ኣብ ቦቱኡ **ህዝብዊ ስልጣን** ኣብ ኢዱ ብምጭብጥ(antibody) ጸረ ጓና ኣካል፣ ናይ ዲክታተር ክህልወናን፣ ብቁዋምነ ግዝኣተ-ሕግን ዝተዋሕሰ **ዲሞክራስያዊ** ስርዓት ክትከል እዩ እቲ ጻዕርና ክኸዉን ዘለዎ። ህዚ ኤርትራ ስልጣን ኣብ ኢዱ ምጭብጥን ንኮሮና ቫይሩስ ኢሳያስ ቁሩባት ሰዓብቱ ንሓዋሩ ከጥፍኦምቁሩብ ምኳኑ ዘይስሓት እዩ፤ ውድባትን ምንቅስቓሳትን ቁርብነትና ብኸሜይ ንዓቅኖ ?።

ከምእንርእዩ ዘሎና ነዚ ኮሮና ቫይሩስ ዝካላከልን ነቶምበዚ ተላባዕ ሕማም ዝተለኽፉ ዘሕዊ ፈውሲን ክታበትን ኣብ ምርካብ ልቃውንት(scientist) ስነ-ፍልጠተኛታት እቲ ዘድሊ ጻዕሪ ኣብ ምግባር ክርከቡ ከለኡ፣ ኩሎም መንግስታት ዓለም ብማሰረት ዓለምላኻዊ ሓለዋ ጥዕና w.h.o. ዝሃቦ ማምርሒ ኣብ ግብሪ ንምትርጓምበቢ-ኣጋባቦምስጉምታት ክወስዱ እንርእዮን እንነብሮን ዘሎና ህሞት ኮይኑ፤ ብወገን እተን ተወዲበን ንፍትሒንቃለስ ዝብላ እንታይ ስጉምታት ክውሰድ ይሕብራ? እንታይ ዓይነት ምውሳእ የካይዳን ዝተዋሃሃደ ስርሓት ከምዝካይዳ ዝርእ ነገር የለን ክባሃል ይካኣል፡ ፡

ኣብዚ እዋን’ዚ ልክዕ ከምቲ ኣብ ንነብረሉ ሃገራት ዝካየድ ዘሎፍልይ ዝበለ **ክፍሊ ሜጽናዕቲ/ሓይሊ ዕማም** ነዚ ፈታኒ እዋን እተገልግል ከውጽኣ-ዶ ኣይምተኻእለን ?

ነዚ **ኩነት** ብኸመይ ንግጠሞ ዝብል ኣኸባዶ ኣካይደን ጉሉጽነት ስለ ዘየለ ዝፍለጥ ነገር የለን። ውድባት ምንቅስቓሳት ዝርኣየ ዓይኑ ይብራህ ኮይኑ ይማስለና።

እስከ ንሕሰብ ንጉዳይ ህዝቢ ንምክታትል፣ ንዘጓነፎ ጸገማት ፍታሕ ንምርካብ፣ ካብ ገጠምዎ ዘሎ ስርዓ ተዉልቀ ዉልቀ ማላኽነት ምግልጋል፣ ካብ ጸልማት ናብ ብርሃን ንምብጻሕ፣ ካብ ተገዲዱ ኣብ ድንቁሩና ኣትዩ ዝርከብ ዘሎ፣ ናብ ፍልጠት ክሳጋገር ምግባ፤ ካብ ዲክታተርነት ናብ ዲሞክራስን ግዝኣተ-ሕግን ንምብጻሕ፤ ስልጣን ናይ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ባዕሉ ዝጨብጠሉ ማስርሕ ክኸተል ምግባር፣ ብተዳጋገሚ ባዓውታ ዝዝሙሩ ጨፎሕቶታ ብኸመይ ክስምዑ ይኽእሉ ዝብሉ ሕቶታ ሜላሱ፣ **ኣብቲ ዘድሊ እዋን ኣብ ጎድኑ ከምዘለኻን ንዑኡ ትሰርሕ ከምዘለኻን ከተርእዮ ዘይትኽእል ምኳንካ፤ ኣብ ጹንኩር እዋን ኣማዕዲኻ ምርኣይን፣ ዓቕምኻ ንኡስን ክዉህሃድ ብዘይምኽኣል፣ ነቲ ጥርዓኑ ናብቲ ዘድልዮም ዓለምላኻዉያን ባይቶታት ትካላት ከተብጸሓሉ ዘይምኽኣልካን ክትገብሮ ዘይሃቀንካን። እዚኦም ከምኡ ምዘኣማስሉ እዮም-እኮ እቶምሜልእኽቲ ህዝብና ዝብል ራኢ አሎና።**

ህዝብታት ትጽቢቶም ካብቶም ተወዲብና ኣሎና ዝብሉ ውድባት፣ ምንቅስቓሳት ሲቪካዊን ህዝባዉያ ማሕበራት ምኳኑን፡ ንሱ ማእከል ዝገበረ፣ ዝተፋላልዩ ትካላትን፣ ነጻ ዓይነት ኣዋዳድባን ቅዋም ዘፍቅዶ ማሕበራዊ ስርዓትን ፍትሒ ዝነገሳ ሃገር ክትህሉ ንቃለስ ምህላዉና ክንርስዖ ዘብልና ኩይኑ፡ ብቐዳምነት ኣብዚ ተኣፋፊን ተሃዋጺን ምእንቲ ህዝብና **ተስፋን ሓገዝን** ክረክብ ነዛ እዋን እዚኣ እተገልግል ናይ **ሓባር ሽማግለ** ኣዉጼካ እርደትስ/ሓገዝ ዝስርከበሉ ክገብር ኣይምተኻእለን ?።

ብወገና **ይካኣል እወ ይካኣል**፣ ድልየትን ሓላፍነትን ምስካምን፣ ቅድም ህዝቢ ክትሪኢን ክትገብርን እንተ ዝካኣል ነይሩ፣ ከም**ዕላማን ራኢን** ብሓቂ ንሓስቦን ንምትግባሩ ቅሩባትን ነቕ ዘይብል እምነት ነይርና እንተ-ንኸዉን ዓጋቲ ኣይምሃሎዎ ነይሩ ንብል ።እቲ ጸገም ድልየትን ቁሩበትና ዝይምህላዉ ኮይኑ ይስምዓና፡ ፡

እቲ ኣብ ውሽጢርእስና ሰሪጹ ዘሎ ኣነ/ባዕሊ/ኢጎ ተሪፉ ናይዚ ጉራማላ ህዝብና ሕልሚ፤ ባህጊ፣ ድልየት ከነሜልእ ቁርባት ምስ ንኸዉን፣ ኩሉ ዓይነት ውዳበ፣ ምንቅስቓስ፣ ሲቪካዊ-ማሕበረት.ህዝባዉያን ምንቅስቓሳት፣ ማስርሕ ሓቢርካ ምስራሕን ንኹልኻ ዝጥርንፍ ኢሞክራስያዊ ጽላልክህሉው ምግባር ኣብ-ርእሲ ኣድማዒ ምኳኑ፤ ዝተወደበትን ብትካልን ግዝኣተ-ሕጊ ዘለዋ ሃገር ክትህልወካ ምእንቲ፣ በቲ እስኻ እተወጽኦ ማስርሕ ዕዮን ሕግን፣ ክትሰርሕን ክትምእዘዝን ምስ እትኽእል፣ ሜልምሚድ ደሞክራሲያዊ ኣጋባብ ኣሳራርሓ ክካናወን ከሎ ኮይኑ፤ እቲ ኽግበር ዘይብሉ ኣብ'ታ ዝሃነጽካያ ውድብ፣ ምንቅስቓስ ተሓጺርካ ምትራፍ ዘይኮነስ፣ ካባኻ ወጻኢ ዝተጠርነፉን ዘይተጠርነፉን ዜጋታት ዝሓቑፍ፣ ዘጽልልን ሃገራዊ ውዳበ ክህሉ ግደኻ ብግብሪ ክትሰርሕን ክትዋሳእን ፍሪኡ ክትሪኢን ምስ እትኽእል እዩ ቁኑዕ ቃልሲ ከብሎ ዝኽእል፡ ፡ ስጋብ እዚ እዋን'ዚ ውድባት ይኩና ኩለን ዓይነታት ህዝባዉያን ምንቅስቓሳት ዘይተርጎሞኡ ብምኳን አዚ ደስጹጣ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ፍልልያትና ተወጢሑ ግዝኣቱ ምንዋሕን ህዝብና ምጽናትን ዝቕጽል ዘሎ።

ስለዚ **ናይ ውሽባ ብሰንኪ covid-19፣ ክንሓስብን/ከነስተንትን፣** ዝነበረና ምርሕሓቕ፣ ባዕልና ፈጢርናዮ ዝነበርና ናይ ነዊሕ ዓመታት ቅርሕንቲ፣ ኣብ ቅድሚ ህልቀት ህዝብና፣ ምዕናው ሃገርን፣ ጽግዕኛን ንኽትከዉን ዝተኻየደ ግብርታት ገባቲ ስርዓተ ኢሳያስ፣ ፈጺሙክኾነሉ ከምዝይክእልን ብሓይሊ ህዝቢ ክድምሰስ ምዃኑን፣ ካብ ሃገርን ህዝብን ንላዕሊ ኻልእ ክህሉ ከምዝይኽእል ስሩጽ ዝኾነ መረዳእታ፣ ብሩህ ዝኮነ ራኢን፣ ሂቢና ወይ በጺሕናዮ ክንከዉን ተስፋ ንገብር፡ ፡ መስርሕ

ኣብዚ እዋን'ዚ **ዋሲዓ** ወይ chockablock ዝተጸጋግዐ/ዝተጨቓጨቐ/ምሉእ **ምውህሃድ** ዘምጽእ **መስርሕ ሓድነት፣ ሓቢርካ ምስራሕን** በቢ-ዓይነቱ **ሓይሊ ዕማማት** ዝውዛዓሉ ብፍላይ ክኣ ነዚ እዋናዊ ጸገም እትካታተልን ናብቲ ዘድሊ ዓለምለኻዊ ትካላት ብፍላይ ማእከሉ (W.H.O.) ዓለምለኻዊ ጥዕና ምክልኻል ቡኡ ኣቢልካ ኣብ መዓስከራት ኢትዮጵያን ሱዳንን ሊቢያን ዝርከባ U.N.C.R.ዓለምለኽ ናይ ዑቑበኛታት ተኻታተልቲን ኤርትራውያን ሰብኣዊ መሰላት ዝዋስኣ ትካላት ኣቢልካ ሁጹጽ ሓገዝ ክዋሃብ ምግባርን ምክትታልን ኣገዳሲ እዩ ንብል። ሎሚ ኣብ ጥቃ ህዝብኻን ምስ ህዝብኻ ምዃን ኣብ ውሽጥኻ ምትእምማን ኣብ ህዝብኻ ክኣ ንምግልጋሉ ቁሩብ ከምዝኾንካ ምስክር እዩ ዝኸዉን፡ ፡

ህዝብታት፡ ምርጫኡ ምምዕናውዶ ወይስ ምህናጽ ኩሉ ኣብ ኢዶምእዩ ይብል ራይሞንድ ኣሮን(ፍላስፋ)። ጆርጅ በርናኖስ ከምዝብሎ፣ ንሕና ኣይኮናን ንድሕሪት ተመሊስና ኣብ ታሪኽ ክነብር እንርከብ፣ እንታይ ድኣ ታሪኽ'ዩ ኣብ ቅድሜና ተኸዊጡካብኡ ኸይነልግስ/ኸይንወጽእ ዝድርኸና። እንተ'ድኣ ታሪኽ መሃሪ፣ እትዋስኦ ነገራት ንዝመጽእ ብሩህ-ዕላማ ሰኣልቲ/ተለምቲ ክንከዉን በቑዕና፣ መጻኢና ክፉቱን ቁኑዕን ክኸዉን ተኽእሎኣለዎ። ዝብል ዓይነት ሓሳብ ኣቕሪቡነይሩ።

ከምቲ ኣቦና **ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ** ዝበልዎ ንምዝካር፣ ጠለብ ስርዓተ ሕግን መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ክኽበር ዝግበር ቃልሲ ዕላማኡ ክብሪ እዩ። ዋጋ ክብሪ ድማህይወት እዩ። ዋጋ ክኽፈሎ'ዩ ....እዚ ድማኣብ ምዕራፍ ናይቲ ፍትሓዊ ዝካየድ ኣህጉራዊ ቃልሲ ሓንቲ ገጽ ንምጽሓፍ እዩ ዝኽፈል።

እዚ ኣባሃህላ እቲ ኣብ ርእሰና ዘሎ ኒሒን ኢጎን ገዲፍና፣ ምእንቲ ህዝብና ናይ ሓድነት ጠለብ ኣብ ግብሪ እንተ ተርጒምናን ክዉንነት ሰፊሕ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ውዳበ በቑዕና፡ ምስክሩ ኣብ ታሪኽ ተወቂሩ ከምዝተርፍን ንዘላኣለምከምኣብነት ንዝከርን ክንርስዖ ዘይብልና ምኽሪ እዩ።

ኩቡራት ተኻተልቲ ወይብ-ሳይታት ከምቲ ኩሉ ጊዜ ደጋጊምና እንጽሕፎ፣ መሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ሓደጋ ምስ ዝወድቕን፣ ኣብ ሞንጎ ህዝብን ውድባቱን ዘምርድዳእ ዘይምትእማምን ምስ ዝፍጠር፣ ከምቲ ኣብ ባህልናን ልምድናን ዝወረስናዮ፣ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ኣጋባብ ኣፋታትሓ ብምዑቡል ኣጋባብ ኢሂን ሚሂን ኢልካ ምዝራብ እዩ። ኣብቲ ዝግበር ምርድዳእ ሓደ ወገን ጌግኡ ተኣሪሙ ይቕረ ምባል፣ ወይ ሞራላዊ ካሕሳ ይኽሕስ፣ እንተ ዘይተኻኢሉ ደሪቕካ ምትራፍ ዘይኮነስ ብ-እንካን ሃባን ክፍታሕ ንቡር ጌርካ ክውሰድ ክህሉ ባህሊ ክነጥሪ ዝግባእ። እቲ ጸጊሙና ዘሎእዚ ከነዘውትር ዘምኽኣልና ኣብዚ እንርከቦ ህሞት ኣሎና። ነዚ ነዊሕ

ግዜ **ውሸባ** ተጠቒምና ጥልቅ ዝበለ ርእሰ-ምርምር ጌርና ብቐዳምነት ኣነ እየ ሓድጊ ክገብርን ቁሩብነት ናይ ሓቢርካ ምስራሕ ክሁ ክገብር ዞሎኒ ኢልና ክንከዉንን ህዝቢ’ዉን ኣባና ዘለዎ ትጽቢት ክካወን ናቱ ግደ ክጻወት ምእንቲ ባይታ ክፍጠር ንላበ።

ሕጂ-ዉን ንሕሰብነ ስተውዕል ንሜራሞር ንባራበር

ኣብ ዝሙጽእ የራኽበና የሕዋትኩም፡ ፍትዊ ክፍለ ምስ ብዙ ቡቱኞሊ